# ብምኽንያት መበል 23 ዓመት በዓል ግንቦት 20 ካብ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ) ዝተውሃበ መግለፂ

ርሑቕ ሓሲባ ኣብ ርሑቕ ንምሕዳር እትግስግስ ዘላ ሃገር ኣብ ዝብል መሪሕ ጭርሖ ዝኽበር ዘሎ ናይ ሎሚ ዓመት በዓል ግንቦት 20 እንትነብዕል፣ ኣፍቲ ዝተኻየደ ወሳኒን መሪርን ብረታዊ ቓልሲ ምእንተ ሰላም፣ ዲሞክራስን ምዕባለን ህዝብታት ኢትዮጵያ ብኽብሪ ዝተሰውኡ ሰማእታት እናዘከርና እዩ።

ህዝብታት ኢትዮጵያ ፍሉይ መንነቶም ተኸቢርሎም ሓድነቶም ብምጥንኻር ካብ ድኽነትን ድሕረትን ንኽላቐቑ ዋሕስ ዝኾነ ሕገመንግስቲ ድሕሪ ምፅዳቕ፣ ኢትዮጵያ ምስ ኣብ ማእኸላይ እቶት ዘለወን ሃገራት ንኽትስራዕ ቀፀልቲ ዕብየታት እናመዝገበት ፀኒሓ እያ ። እንሆ ድማ ፍሉይ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ናይ ዕብየትን ስግግርን መደብ ሓንፂፃ እናተግበረት ትርከብ።

እዞም ተስፋ ዝህቡ ፍርያት ግንቦት 20 ተጠናኺሮም ንኽቕፅሉ ማሕበርና ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ) ከምቲ ልሙድ እጃሙ ከምዘብርክት በዚ ኣጋጣሚ ቃሉ የሕድስ።

ብምኽንያት ዓወት ግንቦት 20 ቅድሚት ጉዕዞ ኢትዮጵያ ብሩህ 'ዩ!!
ዝልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰምእታትና!!

ግንቦት 20/2006 ዓ/ም
ዋሺንግቶን ዲሲ